ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ
الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

# ደምዳሚ መግለጺ

## ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/

**ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!**

ማእከላይ መሪሕነት ደሞክራስዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ ኣብዚ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼብኡ'ዚ፡ ንህልዊ ዓለማዊ፡ ከባብያውን ሃገራውን ውድባውን ኩነታት ከምኡ'ውን ኣተሃላልዋ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ካኣ ብፍላይ፡ ብመንጽር ደሞክራስያዊ ተጋሎና፡ እንታይ ይመስሉ ብዕምቆት ገምጊሙን ኣገደስቲ ውሳነታት ኣመሓላሊፉን።

ማእከላይ መሪሕነት: ንህልዊ ዓለማውን ከባብያውን ኩነታት ኣመልኪቱ ኣብ ዘዘተየሉ፡ እዞም ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት /ዞባታት/ ዝኽሰቱ ግርጭታት፡ ዓለማውን ዞባውን ርእሰ-ሓያላን ሃገራት ብቐዳምነት ጸቢብ ሃገራውን ውልቃውን ጠቐሞም ብመቐዳም ኣብ ነንሕድሕዶም ዝገብሩዎ ውድድራት ናብ ናይ ዝሑል ኾናት መድረኽ ኩነታት ዝምለስ፡ ንህዝብታት ዓለም ኣብ ርእሲ እቲ ብባህርያዊ ተፈጥሮ ዘጋጥሞዎም ዘለዉ፡ ናይ ኣየር ብከላን ግብረ-ሽበራዊ ኣዕናዊ ምንቅስቓሳትን ዘስዕብዎ ዘለዉ ሓደጋታት ተወሲኹዎ፡ ኣብ ሰላምን ምዕባለን ዓለምና፡ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወት ከቢድ ሻቕሎትን ስግኣትን ዝፈጥር ዘሎ ምዃኑ ተገንዚቡ።

ማእከላይ መሪሕነት፡ ከባብያዊ ኩነታትና ኣመልኪቱ ኣብ ዝተመያየጠሉ፡ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕን ቀርኒ-ኣፍሪቃን ዝኽሰቱ ግርጭታት፡ ምትእትታው ዓለማውን ዞባውን ርእሰ-ሓያላን ሃገራትን ጽልዋታቶምን ተጽዕኖታቶምን ዘይተፈልዮ ኮይኑ፡ ኣብዚ ወቕቲ'ዚ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ሓደ ኣብ ርእሲ እቲ ካልእ ልዕልንኡ ንምርግጋጽ ጽዑቕ ናይ ዓውደ-ውድድር ተርእዮታት ዘንጽባርቐሉ ዞባ ኮይኑ ምህላዉ ገምጊሙ። ስርዓት ህግደፍ ካኣ ኣካል ናይዚ ግርጭታት'ዚ ኮይኑ፡ ሃገርና ግዳይ ናይዚ ሓደጋታት ኮይና ምህላዋ ማእከላይ መሪሕነት ተገንዚቡ።

ማእከላይ መሪሕነት ኩነታት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዝረኣየሉ፡ እዘን ሃገራት እዚኣተን ኣሸንኳይ'ዶ ዘባዊ ውህደት ገይረን ንቕድሚት ሓቢረን ክጓዓዛን ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ቁጠባዊ ምዕባለን ከረጋግጻስ ነፍስ-ወከፍ ሃገር ሃገርና ሓዊስካ ኣብ ነንሕድሕደን ይኹን ብቀንዱ ካኣ ብናይ ገዛእ ርእሰን ውሽጣዊ ኩነታት ብስእነተ-ሰላም እናተዘርጋ፡ ከቢድ ናይ ምብትታን ደበና ዘንጸላልወን ዘሎ ምዃኑ መዚኑ።

**ጀጋኑ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!**

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ እዚ ንህልዊ ሃገራዊ ኩነታት ኣመልኪቱ ኣብ ዝዘተየሉ፡ ህዝብና ብናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ሰላም ስምምዕ፡ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሂወቱ ቅሩብ ክርህዎ ተስፋታት ኣንቢሩሉ ዝነበረ፡ በዚ ዕድላት'ዚ ከምቲ ዝተጸበዮ ክጥቀም ኣይከኣለን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንሃገራዊ ልኡላውነቱ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ መዘዝ ሒዙ ምቕለቃሉ ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩሉ፡ ብቀጥታን ዘይቀጥታን ተቓውሞታቱ ከስምዕ ክም ዝጸንሐን ዘሎን ተመልኪቱ።

ሕብረተ-ሰብና ኣብ ርእሲ'ቲ ን28 ዓመታት ክሕልፎ ዝጸንሐን ዘሎን ናይ ሓሳረ-መከራ ሂወት ክይኣኽሎ ኣብ ሕሱም ናይ ጸበባ ወቕቲ እዚ ነቲ ድኻ ገባራይ ከይተረፈ ኣብተን ዝርካበን ካብ ሓደ-ክልተ ዘይሓልፋ ጥሪቱን ንብረቱን ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ግብርን ቀረጽን ከሽፍል ዘገድድ ኩነታት'ዩ ዝጸንሐን ዘሎን።

እቶም ዝርካቦም ውሑዳት ብክንደይ ጸገማት ብጻማ-ረሃጸም ውሑድ ምህርቲ ኣፍርዮም ኣብ ዕዳጋ ኣውሪዶም መጠናዊ ረብሓ ክረኽቡ ዝጽዕሩ ዜጋታትና፡ ብቀጢን ትእዛዝ ስርዓት ህግደፍ ዘይተኣደነ ቀረጽ ክኸፍሉን፡ ወጻኢታቶም ክሸፍነሎም ዘይክእል ብዝተተመነሎም ትሑት ዋጋ ክሸጡ ዘገድድ፡ ንቁጠባ ሃገር ዘዕኑ ዘይፍትሓዊ ውሳነታት ምስ ኣመሓላለፈሎም፡ እዞም ሃገራውን ዜጋታት እዚኣቶም እዚ ናይ ስርዓት ህግደፍ በተኽ ክትከውን ዝገብር ኣካዳታት'ዚ ክቃወምዎን ካብዚ ዓውደ-ስራሓት እዚ "ካብ ምስራሕ ምግዳፍ ይሓይሽ" ኢሎም ከቋርጽዎ ከም ዝተገደዱ ማእከላይ መሪሕነት ተገንዚቡ።

ውጹዓት ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና ከም ናይዚ ሓሳረ-መከራ ሂወት ውጽኢት ካኣ እዩ ስርዓት ህግደፍ ኣብዚ ወቕቲ እዚ ምስቲ ተሰለፍ ተኣንጎት ዝብሎ ዘሎ ጸረ-ሰላም ባህሪኡ ተደማሚሩ፡ ስደት ዶብ ተዓጽዩ እንከሎ'ውን ከይተረፈ መዓልቲ መዓልቲ  ብኣማኢት ናብ ኢትዮጵያ ዝውሕዙ ዘለዉን፡ ከም ውጽኢቱ ካኣ ህዝብና ናይ ምጽናት ሓደጋ የንጸላልዎ ምህላዉ ማእከላይ መሪሕነት መዚኑ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ፡ ስርዓት ህግደፍ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ንብሄራት ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ በብብሄሮም ይኹን በብሃይማኖቶምን ባህሎምን ተኸባቢሮም ብሓባር ዝነብሩ ዝነበሩ ህዝብታት ኤርትራ፡ ንጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታቱን ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕን ክብል፡ ግዱድ ናይ ሰፈራ መደባቱ ክቕጽለሉ ጸኒሑን ኣሎን እዩ። ከም ናይዚ ውጽኢት ካኣ እዩ ደሞግራፍዊ ምቅይያርን ምሕንፋጽን ብምግባር ዘካዶ ዘሎ ሽርሕታት ምብላሕ ወገናውን ኣውራጃውን ሃይማኖታውን ስምዒታት ድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማት ክለዓዓል ክገብር ጸኒሑን ኣሎን ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ብሄራውን ደርባውን ወጽዓታት እናኸረረ  ምስ ቀጸለ ሰዓቱ ምስ ኣኸለ ሕቶ መሬት ምስ ሕቶ ብሄር ተኣሳሲሩ ዝትኮስ ፈንጂ ዘሪኡ ክዓርብ ዝሳሓግ ዘሎ ስርዓት ምዃኑ፡ ነዚ ሓደጋታት እዚ ዝኣሊ ብቑዕ ደሞክራስያዊ ዓቕምታት ጎልቢቱ ክወጽእን ክቆጻጸሮን ክኣልዮን እንተዘይክኢሉን ሕጂ ይኹን ድሕሪ ሓራ ምዃን ኤርትራ ሳዕቤኑ ብጣዕሚ ከቢድ ክኸውን ከም ዝኽእል ማእከላይ መሪሕነት ገምጊሙ።

## ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ማእከላይ መሪሕነት ኣብ ኣኼብኡ ንህልዊ ኩነታት ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ካኣ ብፍላይ ብዕምቆት ገምጊሙ። ግልጽነት ዘይብሉ ንልኡላውነት ኤርትራ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ናይ ኤርተራን ኢትዮጵያን ናይ ሰላም ስምምዕ  ድሕሪ ምኽታሙ፡ ንስርዓት ህግደፍ ብወሸጥን ብደገን ዘጋጠምዎ ተቓውሞታት፡ ክሳብ ይኣክል ዝብል ጭርሖ ብምልዓል ዝተኻየዱን ዝቕጽሉ ዘለዉን ህዝባዊ ምልዕዓላት፡ ባይቶን ካብ ባይቶ ወጻኢ ዘለዉ ሓይልታትን  ምንቅስቓሳትን ብኩሉ ሸነኻቱ ሓያልን ድኹምን ጐንታቶም ብዝርዝር ተመልኪቱ።

ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተሳጢሖምሉ ኣብ ዘለውሉ ወቕቲ፡ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ዓለማውን ዞባውን ርእሰ-ሓያላን ሓይልታት ኣብ ሃገርና ናይ ኣርባዓታት ተርእዮ ዝዓነቱ ክድገም ኣብ ዝወጣወጥሉ ዘለዉ ህሞት፡ ደምበ ተቓውሞና ውሽጣዊ ሓድነቱ ከረጋግጽ ዘይምብቅዑ፡ ደሞክራስያዊ ተጋድሎና መርሆ ስኢኑ ብሓደ ኣንፈት ክቃለስ ዘይምኽኣሉ፡ ብቐንዱ ድኽመት ፖለቲካዊ ሓይልታት ምዃኑ መዚኑ።

ፈጻሚ-ኣካል ደግሓኤ ነዚ ሃገራዊ ሓደጋ'ዚ ንምስጋር ክካኣል፡ ንዝተፈጥሩ ናይ ቃልሲ ወርቃዊ ዕድላት ክንጥቀመሎም ምእንቲ፡ ሰፊሕ ጽላል ናይ ደምበ ተቓውሞ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ስቪካዊ ማሕበረ-ሰባትን ክረጋገጽ፡ ከምኡ'ውን ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ግንባር ክቐውም ብተደጋጋሚ ክገብሮም ንዝጸንሐ ጻዋዒታት ማእከላይ መሪሕነት ኣሞጊሱ። ሕጂ'ውን ነዚ ህጹጽ ሃገራዊ ውራይና ዝኾነ ሕቶ ምሕዝነትን ሓድነትን ና ደምበ ተቓውሞና እዋናዊ ዕማም  እዚ ንምርግጋጽ ውድብና ደግሓኤ ምስ ኩሎም ዝምከቶም ኣካላት ተዛትዩ፡ እዚ መድረኻዊ ዕማማት እዚ ኣብ ፍጻመ ክበጽሕ ኣብ ልዝብ ክኣቱን ጥጡሕ ባይታ ክምድምድን ከም ዘለዎ  ማእከላይ መሪሕነት ወሲኑ።

**ጀጋኑ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!**

ማእከላይ መሪሕነት ባዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሱዳን ኣመልኪቲ ኣብ ዝረኣየሉ፡ ህዝቢ ሱዳን ካብ ምልካዊ ስርዓት ክገላገልን ሕብረ-ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ክተክልን ዝገበሮ ተጋድሎ ምዕዋቱ ሓገሱ ገሊጹ። እዚ ይኹን ዳኣምበር ሱዳን ደጀን ሰውራ ኤርትራ ኮይና ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ስዱድ ህዝብና እናተቐበለት ተተኣናግድ ዝነበረትን ዘላን ሃገር፡ ሕጂ ብሰንኪ ጨካን ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ መዓልቲ መዓልቲ ዝስደድ ዘሎ ህዝብና፡ ብናይ ጸጥታ መሓውራቱ ገይሩ ካብ ጎደናታት ካርቱም እናገፈፈን እናኣሰረን ዘከላብቶ ዘሎ ኢሰብኣዊ ተግባራት እዚ ጠጠው ከብሎን ንሱ ይኹን ተጸዋዒ ጉዳይ ሰድተኛታት ሕቡራት መንግስታት ናይ ስደተኛ መሰሎም ከኽብሩሎም ኣማሕጺኑ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብ ምብራቓዊ ሱዳን፡ ነቶም ንነዊሕ ዓመታት ነንሕድሕዶም ተኸባቢሮም ብሓባር ዝነብሩ ዝነበሩ፡ ህዝቢ በኒ-ዓምርን በጃን ዝተፈጥረ ጎንጺ ብሰላም ምዕራፉ ሞጎሱ እናገለጸ፡ ስርዓት ህግደፍ ነዚ ዝተኸስተ ጎንጺ መዝሚዙ ኣብ ጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታቱ ከውዕሎ ዘካየዶ ሽርሕታት ካኣ ኣጥቢቑ ኮኒኑ።

ስርዓት ህግደፍ በዚ ጥራሕ ከይኣክል፡ መንግስቲ ቐጠር ስርዓተይ ንምንጋዕ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኣንጻረይ ተተኣኻኽብ ኣላ፡ ንኣኽዋን ኣልሙስሊሙን ትሕግዝ ኣላ ኢሉ ዘቕረቦ ክሲ፤ ቅድሚ ሕጂ'ውን ብተመሳሳሊ ቐጠር ምስ ኢትዮጵያን ሱዳንን ኮይና ኣብ ከሰላ መደበር ገይራ ንሙስሊም ብራዘርስ ትተሓጋገዝ ኣላ ኢሉ ዘቕረቦ ክሲ ከምቲ "ጭጉራፍስ ባዕላ ወቒዓ ባዕላ ተእዊ" ዝባል ምስላ ኣቦታት፡ መሰረት ዘይብሉ ጠቐነ ኮይኑ ከምቲ ብውሽጢ ክጽገም እንከሎ፡ ናይ ወዲ ዓሊ ምንቅስቓስ ምስ ተኸስተ ብውሽጢ-ውሽጢ "ኣስላም ኣብ ልዕሊ ስርዓተይ ዕልዋ ክገብሩ ዝተላዕሉ እዮም" ኢሉ ምስምስ ብምግባር ንላዕሎዎት መራሕቲ ህግደፍ ናይ እስልምና እምነት ዘለዎም ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ዝዳጎኖም፡ ናይ ህዝብና ቆላሕታ ናብ ካልእ ክጥምዝዞ ዝፈተኖ ሕጂ'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ባይታ ዘየለ ጠቐነ ለጢፉ፡ ካብ ገለ ሃገራት ዓረብ ምስ ቐጠር ዘለዎም ጎንጽታት ተጠቒሙ ገለ ኣቕራሽ እንተማእረርኩ ካብ ዝብል ናይ ፖለቲካ ኣመንዘርነት ሽርሕታት ዝብገስ ዝኣረገ ሽጣራ ምዃኑ ማእከላይ መሪሕነት ገምጊሙ።

ማእከላይ መሪሕነት ህልዊ ውድባዊ ኩነታትና ኣመልኪቱ ኣብ ዝረኣሉ፤ ኣብ ኩሉ-መዳያት ዝጸንሕዎ ስርሓት ብዕምቆት ገምጊሙ። ኣብዚ ዝጸንሕዎ ሓያልን ድኹምን ጎኒታት ብዝርዝር ተመያይጡ፡ ዝጸንሕዎ ድኹማት ጎኒታቱ ነቒፉ ሓያል ጎኒታቱ ካኣ ተጠናኺሮም ክቕጽሉ ወሲኑ። ምስ ጭቡጥ እንነብረሉ ዘለና ኩነታት ኣብ ጸብጻብ ብምእታው መጻኢ መደባት ሰሪዑ። መላእ ኣባልና ንደሞክራስያዊ ዕላማታት ውድብና ንምዕዋት ይኹን ንሕቶ ምሕዝነትን ሓድነትን ደምበ ተቓውሞና ንምዕዋት ከካይዶም ዝጸንሐን ዘካይዶ ዘሎን ቃልስታት ሞጎሱ ገሊጹ።

ኣብ መደምደምታ ማእከላይ መሪሕነት፡ ካብ ሞንጉኡ ፈጻሚ-ኣካል ብምምራጽ ኣኼብኡ ዛዚሙ።

ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!

ማእከላይ መሪሕነት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

/ደግሓኤ/

13 ታሕሳስ 2019